




©2002 by Rose Stair Goodman. Cover art, Edwin B. Wallace.

## እግዚኣብሄር ንዓለምናን ንኹሎም ህያው ነፍሲ ዘሎዎም ገበረ

1

"ኣምላኽ ብመጀመርታ ሰማይን ምድርን ፈጠረ።" ዘፍ 1፥1

"ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎ ዚርኤን ዘይርኤን ...... ኩሉ ብእኡ ተፈጢሩ እሎ እሞ ኩሉ ብእኡን ንእኡን እዩ እተፈጥረ።"
ቆሎሴ 1፥16

"በቲ ሰማይን ምድርን ዝገበረ እግዚኣብሄር እተባረኽኩም ኢኹም። ሰማያትሲ ናይ እግዚኣብሄር እዮም ምድሪ ግና ንደቂ ሰብ ሀቦም። "
መዝ 115፥15–16

ምድሪ እምላኽ ንሰብ ክህቦ ከሎ ፍጽምቲ ነበረት እዛ ንእሽቶ መጽሐፍ እንብባ እንታይ ከምዝኾነ ክትረኽቦ።

2

## ኣምላኽ ንዓና ገበረ



"ኣምላኽ ከኣ ብመልክዕና ኸም ምስልና ሰብ ንግበር...ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኩሉ ለመምታን ይግዝኡ በለ።" ዘፍ 1፥26

## ሰብ ህያው ነፍሲ ኾነ

3


"እግዚአብሄር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ካብ ሓመድ ምድሪ ገበሮ ኣብ ኣፍንጫኡ ድማ ትንፋስ ህይወት ኡፍ በለሉ እሞ እቲ ስብ ህያው ነፍሲ ኾነ። "
ዘፍ 2፥7

"እግዚኣብሄር እምላኽ ከእ ሰብኣይ በይኑ ኪኾውን ጽቡቕ ኣይኮነን ንእኡ እትበቅዕ ደጋፊት ክገብረሉ እየ በለ...እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ነቲ ሰብኣይ ከቢድ ድቃስ አውደቐሉ ደቀሰ ድማ። ካብ መስንገሊኡ ሻእ ሓንቲ ወሰደ ኣብ ስፍርኣ ድማ ስጋ መልኣ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ነታ ኻብ ሰብኣይ ዝወሰዳ መስንገለ ሰበይቲ ገይሩ ስርሓ እሞ ናብቲ ሰብኣይ ኣምጽኣ። "
ዘፍ 2፥18፤21–22

* ህያው ነፍሲ ማለት ንሕና ንዘልኣለም ኣብ ገለ ቦታ ንነብር ኢና ማለቱዩ።

4

## ኣዳምን ሄዋንን ንእግዚኣብሄር ኣይተኣዘዙን



ድምጺ ሰይጣን ጽን ክንብሎ ኣይግበኣናን።

"እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ወሲዱ ኪዐይያን ኪሕልዋን ኣብ ገነት 5
ኤደን ኣቐመጦ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንሰብ ካብ ኩሉ ኦም ገነት
ከም ዝደሌኻ ብላዕ ካብታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና ካብኣ
ምስ እትበልዕ መዓልትስ ሞት ክትመውት ኢኻ እሞ ካብኣ
ኣይትብላዕ ኢሉ ኣዘዞ።" ዘፍ 2:15–17

*እቲ ተመን ዲያብሎስ ወይ ከኣ ሰይጣን ተባሂሉ ዝጽዋዕ ድማ ስልጣን እግዚኣብሄር ሐተተ ሓሶትውን ነገረ።*

"እቲ ተመን ድማ ንታ ሰበይቲ ኣይፋልኩም ኣምላኽ ደኣ ካብኣ
ምስ እትበልዑ መዓልቲ ኣዒንትኹም ክም ዚኽፈታ ክም
ኣምላኽውን ክም እትኾኑ...ክቶ ኣይትሞቱን ኢኹም በላ። እታ ሰበይቲ
ድማ እታ ኦም ምብላዓ ጥዕምቲ ነዒንቲ ኸኣ ጽብቕቲ ጥበብ
ብምሃባውን እተብህግ ኦም ምዃና ርእያ ካብ ፍሬኣ ወሲዳ በልዔት
ምስኣ ኸኣ ንሰብኣያ ሀበቶ ንሱውን በልዔ።" ዘፍ 3:4–6

6 አዳምን ሄዋንን ኣብ ኤደን ክቐመጡ
ብድሕሪኡ ኣይከኣሉን



"ስለዚ ንታ እተፈጥረላ ምድሪ ምእንቲ ኺዓይያ ድማ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ካብ ገነት ኤደን ኣውጽኦ...ንምሕላው መገዲ ኦም ህይወት
ከኣ ብሸነኽ ብራቕ ገነት ኤደን ምስናይ እተምበልብል ሃልሃልታ
ሴፍ ኪሩቤል ኣቐመጠ።" ዘፍ 3:23,24

አዳምን ሄዋንን ዝሓጥኡላ መዓልቲ ንዘርኢ 7
ሰብ እተጉሂ ነበረት



"ስለዚ ኸኣ ከምቲ ብስሪ ሓደ ሰብኣይ ሓጢኣት ናብ ዓለም ዝአተወ
ብሓጢኣትውን ሞት ኩላቶም ስለ ዝበደሉ ድማ ሞት ናብ ኩሉ ሰብ
ሐለፈ። " ሮሜ 5:12

ክዝክር ዘለዎ ነገር

ነፍሲ ወከፍ ሰብ ምስ ሐጥእ ባህሪ ተወሊዱ ሓደ መዓልቲ ከአ
ክመውት እዩ ብስሪ ሓጢኣት ዝመጸ ሞት።

(ሮሜ 5:12 ደጊምካ እንብብ)

8 ንዓና ንምድሓን ናይ እግዚአብሄር ዕላማ እቲ ሐደ
ወዱ ብምስዳድ ነበረ



"ወዲ ኽትወልድ እያ ንሱ
ኸኣ ንህዝቡ ኻብ ሓጢኣቶም
ኪድሕኖም እዩ እሞ ስሙ
የሱስ ክትስምዮ ኢኻ። "
ማቴ 1:21

አብዓሌት ሰብ ንምእታው ወዲአምላክ ከም
ሕጻን ሰብ ከይኑ ክመጽእ ነበሮ
"ኣብኡ ብዘሎ ምልኣት መለኮት ብስጋ ሐዲርዎ እዩ እሞ" ቁሎ 2:9

የሱስ ብቅርጺ ሰብ ኣምላኽ እዩ 9

"ቃል ብመጀመርታ ነበረ እቲ ቓል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ እቲ ቃልውን
ኣምላኽ ነበረ . . . እቲ ቃል ስጋ ኾነ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ኸኣ ኣባና
ሐደረ።" ዮሃ 1:1,14

"እዚ ኹሉ እቲ እግዚኣብሄር ብነብዩ እተዛረቦ ኺፍጸም ኩነ... እንሆ
ድንግል ክትጠንስ ወዲውን ክትወልድ እያ ስሙ ኸኣ ኣማኑኤል
ኪብልዎ እዮም ትርጉሙ ኣምላኽ ምሳና እዩ።" ማቴ 1:22–23

"ሕጻን ተወሊዱልና ወዲ ተውሂቡና እዩ እሞ እቲ ግዝኣት ከኣ ኣብ
መንኩቡ እዩ ስሙውን ግሩም መካር ብርቱዕ ኣምላኽ ኣቦ ዘለኣለም
መስፍን ሰላም ኪስመ እዩ።" ኢሳ 9:6

10 የሱስ ክርስቶስ ፍጹም መሰዋእትና እዩ

"...ሓጢኣት ዘይፈለጠ..." 2ቆረ 5:21

"ንሱ ሓጢኣት ዘይገበረ..."
1ጴጥ 2:22



"ዝኾነ ሰብ ዘቅርቦ መስዋእቲ
ፈጺሙ ንሓጢአት ክርሕቕ ብቁዕ
አይኮነን። ማለት ደም ኣብዑርን
ድቢላታትን ሓጢኣት ኪርሕቕ
አይከኣሎን እዩ።"
እብ. 10:4

የሱስ ገንሸል ኣምላኽ እዩ። "እንሆ! ሓጢኣት ዓለም ዚርሕቕ ገንሸል
ኣምላኽ" ዮሃ. 1:29

## የሱስ ንዓና ከድሕን ሂወቱ ሃበ

11

የሱስ ጨካናት ህዝቢ ስለ ዝጸልእዎ ኣብዕንጨይቲ መስቀል ተሰመረ። እንተኹነ ናቱ ሞት ናይ ኣምላኽ ዓላማ ነበረ። የሱስ ብናቱ ፍቃዱ ድልየትን ብንጹ ንዓይን ንዓኻን ካብ ሓጢኣትና ከድሕን ሂወቱ ሀበ።

የሱስውን በለ "ባዕለይ እየ በኛ ዘሕልፉ እምበር ካባይ ዚወስዳስ የልቦን። በኛ ኽሕልፉ ስልጣን አሎኒ መሊሰ ኽወስዳውን ስልጣን ኣሎኒ።"
ዮሃ 10:18

ብደም ገንሸል ኣምላኽ ኢና ዝደሐንና

"...ከም ብደም እቲ ኣበርን ርኽሰትን ዜብሉ ገንሸል ብኽቡር ደም ክርስቶስ እምበር ብጠፋኢ ነገር ብብሩር ወይስ ወርቂ ከም ዘይደሐንኩም ትፈልጡ ኢኹም።"
1ጴጥ 1:18-19


ናይ ሓጢኣት ስርየት ዘምጽእ ካልእ መስዋእቲ የለን

"...በቲ ሓንሳእ ንሓዋሩ ዚኣክል እተሰውኤ መስዋእቲ ስጋ የሱስ ክርስቶስ ተቐዲስና እሎና።"
እብ 10:10

12

"...ሕጂ ብደሙ ምስ ጸደቕና ደኣ ክንደይ ካብቲ ቑጥዓ ብእኡ ኣዚና ዘይንድሕን። ሮሜ 5:9።

"ጐይታይ ኣብ መንግስትኻ ምስ ትመጽእ ዘክረኒ።"



እዚ ገበነኛ ብየሱስ ስለ ዝአመነ ደሓነ።

እዚ ስራቂ ብየሱስ ስለ ዝይ አመነ አይደሐነን።

"ሎሚ ምሳይ አብ ገነት ኮም እትኸውን ብሓቂ እብ ለካ አሎኹ።"
ሉቃ 23:43

"... ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ እታ ፍቕሩ ንእና በዚ የርኢ አሎ።" ሮሜ 5:8

13

## ኩሎም እቶም ብወዲ ኣምላኽ ዝአመኑ ሂወት አለዎም

"ኣምላኽ በቲ ሓደ ወዱ
ዝአመነ ኩሉ ናይ ዘለአለም ህይወት ምእንቲ
ኺረክብ እምበር ከይጠፍእሲ ንወዱ
በኛ ኽሳዕ ዝህብ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም አፍቀራ።"
ዮሃ 3:16

"ንሱ ኻብ ስልጣን ጸልማት ዘውጽኣና ናብታ መንግስቲ ፍቁር ወዱውን አእተወና። ኣብኡ ምድሓንና ማለት ሕድገት ሓጢኣት ዘሎና።"
ቈሎሴ 1:13-14

14



## "ንሱ ተንሲኡ እዩ!"

"እቲ መልአኽ መሊሱ ነተን ኣንስቲ በለን ንስኻትክንሲ ነቲ እተሰቕለ የሱስ ትደልያ ኸም ዘሎኽን እፈልጥ አሎኹ እሞ እይትፍርሃ። ከምቲ ዝብሎ ተንሲኡ እዩ እሞ ኣብዚ የሎን። ንታ ጎይታ ተነቢርዋ ዝነበረ ስፍራ ንዕነ ርአያ።"

ማቴ. 28:5,6

## የሱስ ካብ ምውታት ምትንስኡ

15

"...እቲ ህያውን እየ እሞ... ሞይተውን ነበርኩ እንሆ ኸአ ንዘለአለመ አለም ህያው እየ መርሖ ሞትን ሲኦልን ከአ አሎኒ።" ራእ. 1:18

"...ኣነ ህያው እየ እሞ ንስኻትኩምውን ህያዋን ክትኰኑ ኢኹም።"
ዮሃ 14:19

ክርስቶስ ንሞት ስለ ዝገዝኤ መርሖ ሞትውን ስለ ዘለዎ ድሕሪኡ ንሞት ክንፈርህ አየድልን።

"በቲ ዝፈርሃሉ ጊዜ ኣባኻ እውክል።" መዝ 56:3

(ገጽ 46 ንቃል ኪዳን እግዚአብሄር ተመልከት።)

የሱስ ከድሕነካ እኽእል እዩ እጽልየልካውን አሎ

"...ንዘለኣለም ዚነብር ስለ ዝኾነስ ዘይሐልፍ ክህነት አለዎ። ስለዚ ድማ ነቶም ብእኡ ኣቢሎም ናብ አምላኽ ዚመጹ ኩሉ ጊዜ ምእንታእም ኪልምን ዚነብር ስለ ዝኾነ ፈጺሙ ኺድሕኖም ይኽእል እዩ።"
እብ 7:24,25

16

## አነን ንስኻን ናይ ዘለዓለም ህይወት ክህልወና ይኽእል እዩ




አየናይ መገዲ ትወስድ?

የሱስ ክርስቶስ እቲ መገዲ ናብ ናይ ዘለአለም ህይወት ምስ አምላኽ እዩ።

ዲያብሎስ ወይከአ ስይጣን ናይ ሐዋሩ መገዲ ሞት እዩ።

እዚወዲ ቅኑዕ ምርጫ ይገብር ናብ ናይ ዘለአለም ህይወትውን የምራህ።

## አየናይ ትመርጽ? 17

"...ንመን ከም እተገልግሉ ... ሎሚ ሕረዩ ..." እያሱ 24:15

"...እምበኣርሲ ንስኻን ዘርእኻን ብህይወት ምእንቲ ኽትነብር ህይወት ሕረ።" ዘጸ 30:19

*መገዲ ዘለኣለም ህይወት የሱስ እዩ*

"ብእኡ ኽንድሕን ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንሰብ ኣይተዋህበን እሞ ምድሓን ብሓደ ኻልእ ከቶ የልቦን።"
ግብ.ሃዋ.4:12

"ኣነ ኣነ እየ እግዚኣብሄር ብጀካይ መድሓኒ የልቦን።" ኢሳ 43:11

## 18 ናይ ዘለኣለም ህይወት እንተደሊና ንምንታይ የሱስ ክንመርጽ ይግብኣና?

*1. እቲ ዝመጸ ክርስቶስ ስለ ዝኾነ።*
"...ኣነ ግና ህይወት ምስ ተረፉ ምእንቲ ኺረኽባ እየ ዝመጻእኩ።"
ዮሃ 10:10



*2. ዘፍቀረናን ዝሞተልናን ክርስቶስ ስለ ዝኾነ።*

"...ብቲ ዘፍቀረኒ ምእንታይውን ነፍሱ ዘሕለፈለይ ወዲ ኣምላኽ እየ" ገላ 2:20

የሱስ ሰብ ኮነ ስጋን ደምን ልክዕ ከማና ...

19

"...ነቲ ሓይሊ ሞት ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ምእንቲ ኺስዕር ንሱውን ድያብሎስ እዩ ነቶም ብፍርሃት ሞት ብዘሎ ዘመኖም ብባርነት ተታሒዞም ዝነበሩ ኩላቶም ሓራ ምእንቲ ኼውጽኦም ኢሉ ንሱውን በእኡ ሐበሮም"
እብ 2:14-15

*3. ናይ ሓጢኣት መድሓኒት ደም የሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ*

"... ነታ ነፍሲ ዜተዐርቓ እቲ ደም እዩ..." ዘለዋ 17:11

"... ደም የሱስ ክርስቶስ ወዱውን ካብ ኩሉ ሓጢኣት የንጽሃና እዩ።" 1ዮሃ 1:7

"ኣብኡ ምድሓንና ማለት ሕድገት ሓጢኣት ዘሎና።"
ቈሎሴ 1:14

20



*4. ካብ ሞት ዝተንስኤ ክርስቶስ*
"...መሊሱ ኸም ዘይመውት ሞትውን ኣብኡ ኸም ዘይመልኽ ፈሊጥና ንሕና ምስ ክርስቶስ ካብ ሞት ናስ ምስኡ ድማ ብህይወት ከም እንነብር ንኣምን ኢሎና።"
ሮሜ 6:9

"ድሕሪ ሕጂ እቶም ዘለው ነቲ ምእንትኦም ዝሞተን ዝተንስኤን እምበር ንርእሶም ምእንቲ ኸይነብሩ ንሱ ኣብ ክንዲ ኩላቶም ሞተ።"
2ቆረ 5:15

የሱስውን በለ"... ኣነ ህያው እየ እሞ ንስኻትኩምውን ህያዋን ክትከዉ ኢኹም።" ዮሃ 14:19

21

*5. መንፈስ ክርስቶስ ኣባና ክሀሉ ኣለዎ ናብ ናይ ዘልኣለም ህይወት ክንትስእ።*

"...ክርስቶስ ኣባኻትኩም ተስፋ ኽብሪ እዩ።" ቈሎሴ 1:27

"ናይ እቲ ንየሱስ ካብ ምውታት ዘተንስኤ መንፈስ ኣባኻትኩም ሐዲሩ እንተ ኣልዩ ግና እቲ ንክርስቶስ የሱስ ካብ ምውታት ዘተንስኦ ንሱ ነቲ መዋቲ ስጋኹምውን በቲ ኣባኻትኩም ሐዲሩ ዘሎ መንፈስ ገይሩ ህያው ኪገብሮ እዩ።" ሮሜ 8:11

ኣረጋግጽ መንፈስ ክርስቶስ ኣባኻ ምንባሩ

"... እቲ መንፈስ ክርስቶስ ዜብሉ ሰብ ግና ንሱ ናቱ ኣይኮነን።"
ሮሜ 8:9

## 22 ናይ ዘለኣለም ህይወት ከመይ ገርካ ትረክብ

ካብ ገጽ 24 ጀሚሩ ዘሎ መምርሒ መስመረ ተኸተል



"ቁልዓ እኳ ዕዮኡ ቅኑዕን ንጹህን እንተ ኾነ ብግብሩ የፍልጥ።"
ምሳ 20:11

"የሱስ ከም ዘፍቅረኒ መጽሐፍ ቅዱስ ይነግረኒ።"

## የሱስ ንኩሎም ቆልዑ የፍቅሮም 23

"የሱስ ግና ጸዊዑ መንግስቲ እምላኽ ንኽምዚኦም ዝበሉ እያ እሞ ሕጻናት ናባይ ይምጽኡ ሕጸጉ ኣይትኸልክልዎም።" ሉቃ 18:16

"ከምኡ ድማ ካብዞም ናእሽቱ ሓደ ኺጠፍእ ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ኣይኩነን።" ማቴ 18:14

መን ምኳንካ ወይ እበይ ከም እትነብር ብዘየገድስ የሱስ ይፈትወካ ምእንታኻውን መይቱ። የሱስ ናትካ ፍቅሪውን ይደሊ። ንእኡ ብም እዛዝውን ፍቅሪኻ ከተርእዮ ትኽእል።

"እተፍቅሩኒ እንተ ኼንኩምሲ ትእዛዛተይ ሓልው።" ዮሃንስ 14:15

## 24 መገዲ ናብ እምላኽ ብኸመይ ከም እትረኽቦ

*1. ሓጢኣተኛ ምኻንካ ንእግዚኣብሄር ተኣመን።*

"ከሎም ሓጢኦም ክብሪ ኣምላኽውን ስኢኖም።" ሮሜ 3:23

*2. ናብ እግዚኣብሄር ብየሱስ ክርስቶስ ምጻእ።*

"ኣምላኽ ሓደ በይኑ እዩ እሞ እቲ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ዘሎ ማእከላይውን እቲ ሰብ ክርስቶስ የሱስ ሓደ በይኑ እዩ።" 1ጢሞቴዎስ 2:5

"ስለዚ ድማ ነቶም ብእኡ እቢሎም ናብ ኣምላኽ ዚመጹ ኩሉ ጊዜ ምእንታኦም ኪልምን ዚነብር ስለ ዝኾነ ፈጺሙ ኬድሕኖም ይኽእል እዩ።" እብራውያን 7:25

"... ነቲ ናባይ ዚመጽእ ከእ ከቶ ንወጻኢ ኣይድርብዮን እየ።" ዮሃንስ 6:37

*3. ሓጢኣትካ ተነሳሕ።*
(ምንሳሕ ማለት "ብቁዕ ጣዕሳ ጌርካ ምሕጣእካ ምቁራጽ ማለት እዩ።")

"እምብኣርስኸ ሓጢኣትኩም ምእንቲ ኺድምሰሰልኩም..." ግብ 3:19-20

"ጎይታስ ከላቶም ናብ ንስሓ ኺበጽሑ እምበር ሓደ እኳ ኺጠፍእ ዘይፈቱ ስለ ዝኾነ ምእንታኻትኩም ይዕገስ እሎ..." 2ጴጥሮስ 3:9

*4. ሓጢኣትካ ንየሱስ ተኣመኖ።* (ምእማን ሓጢኣት ማለት "ምንጋር ወይ ምቅባል" ማለት እዩ።)




25

26

ኣብዚ ዝስዕብ መስመር ካብ ገጽ 25 ኣብተን ዝጽልያ ኣእዳው እተጻሕፈ ጥቅሲ 1ዮሃንስ 1:9 ጽሓፈን

________________________________________

________________________________________

________________________________________

________________________________________

*5. ምሕጣእካ ኣቋርጽ።*

(ምቁራጽ ማለት ምሕዳግ ወይ ዘይምቅጻል እዩ።)
ገበኑ ዚኸውል ኣይሰልጦን እቲ ዚናዘዞ እሞ ዚሓድጎ ግና ምሕረት ይረክብ። ምሳሌ 28:13

"...ካብ እከይ ርሐቕ ሰናይ ከእ ግበር።" መዝሙር 37:27

27



"ሓደ እኳ ኽይምካሕሲ ካብ ግብሪ ኣይኮነን እሞ ብእምነት ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም እዚ ኸኣ ውህበት ኣምላኽ እዩ እምበር ካባኻትኩም ኣይኮነን።" ኤፌሶን 2:8,9

*6. ብየሱስ ክርስትስ እመን።*

"...ብኣፍካ የሱስ ጎይታ ምዃኑ እንተ ነገርካ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምውታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ ክትድሕን ኢኻ።" ሮሜ 10:9

"... ብጎይታና የሱስ እመን እሞ ንስኻን ቤትካን ክትድሕኑ ኢኹም..." ግብ 16:31

28

*7. ንየሱስ ክርስቶስ ኣብልብኻን ሂወትካን ተቐበሎ።*
ማዕጾ ልብኻ ከፈትካ ንየሱስ ዓድሞ ክኣቱ።



የሱስ በለ "እንሆ ኣብ ደገ ቤት ደው ኢለ ኳሕኳሕ ኤብል ኣሎኹ። ሐደ እኳ ድምጻይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፈተለይ ናብኡ ኽኣቱ ምስኡ ኽእ ክድረር እየ ንሱውን ምሳይ።" ራዕይ 3:20

"ነቶም እተቐበልዎ ዘበሉ ኹሎም ብስሙ ንዚኣምኑ ግና ውሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ መሰል ሀቦም።" ዮሃንስ 1:12

29

## መምርሒ ጸሎት

ቅድሚ ሕጂ ጸሊኻ ዘይትፈልጥ እንተኮንካ ሐገዘውን እንተደሌኻ ንምጽላይ እዚ ዚስዕብ መምርሒ ጸሎት ክትክተል ትኽእል ኢካ።



ዝኸበርካ ጎይታይ የሱስ፦
ኤመስግነካ እሎኹ ሓጢአተይ ንምውሳድን ምርሕቅን ኢልካ አብ መስቀል ምእንታይ ስለ ዝሞት ካለይ። ብዝገበርኩዎ ጌጋይ እጠዓስን እንሀን አለኹ። በጃኻ አብልበይ እቶም ንዘልአለም አብኡ እቲኻ ክትነብር እሐተካ እሎኹ። ሕጂ ልበይ ክም እተንጽህ እአምነካ እየ። መድሕኒየይን ጎይታይን ገይረውን ንዓኻ እወስደካ እሎኹ።
ብሽም የሱስ ክርስቶስ አሜን።

30 **የሱስ አብ ልብኻ ናይ ዘለአለም ህይወት አሎካ**

"አምላኽ ናይ ዘለአለም ህይወት ክም ዝሃበና እቲ ምስክር እዚ እዩ እሞ እዛ ህይወት እዚአ አብ ወዱ አላ። እቲ ወዲ ዘለዎ ህይወት አላቶ..."
1ዮሃንስ 5:11-12

"እቲ ንቓለይ ዚሰምዖን በቲ ዝለአኸኒ ዚአምንን... ንሱ ኻብ ሞት ናብ ህይወት ተሳገረ..." ዮሃ 5:24


"....ካብ ስጋ ምስ ግዒዝና ምስ ጎይታ ኽንነብርውን ባህጊ አሎና"
2ቆረ 5:8

"...ንሴዋን ክርስቶስ አባኻትኩም ተስፋ ኽብሪ እዩ።" ቆሎሴ 1:27

ንየሱስ ሓጢአትካ ይቅረ ክብለልካ ሓቲትካዮ እንተኮንካ ብጎይታና የሱስ ክርስቶስ አሚንካ ክም መድሓኒኻ አብዛ ታሕቲ መስመር ስምካ ጽሐፍ።

31

## ብኸመይ ጠቢቅካ ንየሱስ ክም እትስዕቦ



አብ መመዓልቲ ጥቅስታት መጽሐፍ ቅዱስ ማለት ናይ እግዚአብሔር ቃል አንብብ። አብ ልብኻውን ዕቁሮ ብምሽምዳድ ፍሉያት ጥቅስታት ክሕግዛኻ ዝክእላ።
(ብዙሓት ካብዚአ ንእስቶይ መጽሐፍ እሎኺ።)
"... ዝኑፈሶ ዘበለ ጽሑፍ ንትምህርቲ ንተግሳጽ ንምቕናዕ ንጽድቂ ዚኸውን ምእዳብ ይጠቅም እዩ።"
2ጢሞቴዎስ 3:16

34

## ዓስርተ ትእዛዛት እግዚአብሄር ብኸመይ ክም እንነብር ይምህረና

(ኦሪት ዘጸአት 20)

*እተን አርባዕተ ብዛዕባ ፍቅረን አምላኽ እየን።*

1. "ካልኦት አማልኽቲ አብ ቅድመይ አይሀልውኻ።"
2. "ምስልን ስእሊ ዘበለ ንአኻ አይትግበር። አይትስገደሎምን አይተገልግሎምን ድማ።"
3. "እግዚአብሄር ስሙ ብኸንቱ ንዘልዐለ ኸይቀጽዔ አይሐድጎን እዩ እሞ ስም እግዚአብሄር አምላኽካ ብኸንቱ አይተልዕል።"
4. "መዓልቲ ሰንበት ክትቅድሳ ዘክር።"

*እተን ናይመወዳእታ ሽድሽተ ብዛዕባ ፍቕሪ ንሰብ እየን።*

35

## መቅጸልታ 10 ትእዛዛት

5. "አቦኻን አዴኻን አኽብር።"
6. "አይትቕተል።"
7. "አይትዘሙ። (ምዝማው ብግበረስጋዊ ዘይእሙን ምኽን ናይ ሰብአይ ወይ ሰበይቲ እዩ።)
8. "አይትስረቕ።"
9. "አብ ብጻይካ በሓሶት አይተመስክር"
10. "ቤት ብጻይካ አይትተምን።"

*ንአምላኽ ምእዛዝ ጸሎት ካ ክምለስ ይገብር ንአምላኽ ምእዛዝ መልሲ ጸሎት የምጽእ።*

"ንትእዛዛቱ እንሕሉን አብ ቅድሚኡ ባህ ዚብሎ እንገብርን ስለ ዝኾንና ነቲ እንልምኖ ዘበለ ኻብኡ ንቅበል ኢና።" 1ዮሃንስ 3:22

36


## እተን ክልተ ዝዓበያ ትእዛዛት

*ፍቕሪ ንአምላኽ*

1. "የሱስ ከአ ንእግዚአብሄር አምላኽካ ብሙሉእ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ሓሳባካን አፍቅሮ እዚአ እታ ዓባይን ቀዳመይትን ትእዛዝ እያ።"
ማቴዎስ 22:37,38

*ፍቕሪ ንሰብ*

2. "እታ እትመስላ ኻልአይታ ድማ ንብጻይካ ኸም ነፍስኻ አፍቅሮ እያ።" ማቴዎስ 22:39 ዓስርተ ትዕዛዛት ኩሉ (ገጽ 34 ን 35) አብ እቶም ክልተ ዓበይቲ ትዕዛዛት ዝተጠቓለለ እዩ



37

## ፍቕሪ ካብ ኩሉ ዝዓበየት እያ

ምዕራፍ ዓባይ ፍቅሪ

(1ቆረንጦስ 13:1-8:13)

1 ብቛንቋታት ሰብን መላእኽትን እንተ ዝዛረብ ፍቕሪ ኻብ ዘይትህልወኒ
ከም ዘድሂ አስራዚ ወይስ ጭልጭል ከም ዚብል ጸናጽል ምኾንኩ።
2 ትንቢት እንተ ዚህልወኒ ኩሉ ምስጢራትን ኩሉ ፍልጠትን እንተ
ዝፈልጥ እኽራን ከሳዕ ዘግዕዝ ከአ ኩሉ እምነት እንተ ዚህልወኒ ፍቕሪ
ኻብ ዘይትህልወኒ ከንቱ ምኹንኩ ነይረ። 3 ኩሉ ገንዘበይ ከኣ
ንድኻታት እንተ ዝዕድል ስጋይውን ንምንዳድ ኣሕሊፈ እንተ ዝህብ
ፍቕሪ ኻብ ዘይትህልወኒ ሓንቲ እኳ አይጠቕመንን እዩ።

4 ፍቕሪ ዓቃል እያ ፍቅሪ ለዋህ እያ ፍቕሪ ኣይትቀንእን ፍቕሪ
ኣይትጀሀርን ኣይትንፋሕን።

38

5 ኣይተስተሐፍርን ናታ ኣይትደልን ኣይትምረርን ኣይትቕየምን
እያ 6 ብሓቂ ትሕጎስ እምበር ብዓመጽ ባህ ኣይብላን። 7 ኩሉ
ትጸውር ኩሉ ትአምን ኩሉ ተስፋ ትገብር ኩሉ ትዕገስ።
8 ፍቕሪ ከቶ ኣይተቋርጽን እያ። ትንቢት እንተሎ ንሱ ኺስዐር
ምዝራብ ቋንቋታት እንተሎ ንሱ ኺወዳእ ፍልጠት እንተሎውን ንሱ
ኺስዐር እዩ ማለት ሓደ ምቃል ንፈልጥ ኢና እሞ ሓደ ምቃል ከአ
ንንበ።
13 ሕጂ ግና እምነት ተስፋ ፍቕሪ እዘን ስለስተ እዚኣተን ይነብራ
ካብዚአተን እትዐቢ ግና ፍቕሪ እያ።

## ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ

"... ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ እቲ ኣብ ፍቅሪ ዚነብር ከኣ ኣብ ኣምላኽ ይነብር
ኣምላኽውን ኣብኡ ይነብር።" 1 ዮሃንስ 4:16

39

## የሱስ ዕደል ይህበካ ኣሎ ክትምስክር ንኻልኦት



(ኣብ ገዛ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብ
ቤተክርስቲያን ኣብ ዝኾነ ቦታ።)

"የሱስ ግና ናብ ቤትካ ኣብ ስብካ
ኺድ እግዚኣብሄር ከመይ ዝበለ
ዓብዩ ግብሪ ኸም ዝገብረልካን ከም
ዝመሓረካን ንገሮም በሎ..."

ማርቆስ 5:19

40

## ሓቀኛ ወዲ ኣምላኽ ብኸመይ ከም ዝፍለጥ

"እምብኣርከ ብፍሪኦም ክተለልይዎም ኢኹም።" ማቴዎስ 7:20
"እቲ ፍሪ መንፈስ ግና ፍቕሪ ሓጎስ ዕርቂ ዓቕሊ ለውሃት ሕያውነት
እምነት ህድኣት ይኣኽለኒ ምባል እዩ። ነዚ ኸምዚ ዘመስለ ዚጻረሮ ሕጊ
የልቦን።" ገላቲያ 5:22,23

ሓቀኛ ወዲ ኣምላኽ ንኻልኦት ይቅረ ይብል
"ንስብ በደሎም እንተ ሐደግኩምሎም ንኣኻትኩም ድማ ናይ ሰማይ
ኣቦኹም ኪሓድ ገልኩም እዩ።" ማቴዎስ 6:14

እግዚኣብሄር ዝጸልኤን ሾውዓተ ነገራት
"ትዕቢተኛ ዓይኒ ሓሳዊት መልሓስ ንጹህ ደም ዚፍስሳ ኣእዳው እኩይ
ምኽሪ እትፍሕስ ልቢ እኩይ ነገር ናብዘበለ ዚቕልጥፋ ኣእጋር ሓሶት
ዚዛረብ ሓሳዊ ምስክር ኣብ መንጎ ኣሕዋት ባእሲ ዚዘርእ።"
ምሳሌ 6:17-19

41




ግብረ ስጋ
"... ምንዝር ርኽሰት (ማለት ጾታዊ
ርኩብ ኣብ ሞንጎ ዘይምርዑዋት) ዕብዳን
ኣምልኾ ጣኦት ጥንቆላ ጽልኢ ባእሲ
ቅንኢ ቁጥዓ ሻራ... ቅንኣት ትትለት
ዕስራን ኅይላ ከምዚ ዘመስለ ኻልእውን
... እቶም ከምዚ ዘመስለ ዚገብሩ
ንመንግስቲ ኣምላኽ ከም ዘይወርስዋ...
እብለኩም አሎኹ።"
ገላቲያ 5:19-21
"...ግብረ ሶዶም ዚገብሩ ሰረቕቲ ወይ
ስሱዓት..." 1ቆረንጦስ 6:9-10

*የሱስ ብመንፈሱ ይምሳእኩምን የንጽህኩምን*
"ገሊኹም ከአ ከምታቶም ኔርኩም ግናኸ ብስም ጎይታና የሱስ ክርስቶስን
ብመንፈስ ኣምላኽናን ተሐጺብኩምን ተቐዲስኩምን ጸዲቕኩምን ኢኹም።"
1ቆረንጦስ 6:11

42

## ህላዌ ሲኦል ርግጽ እዩ




(ሉቃስ 16:19-26 ኣንብብ)

ንየሱስ ክርስቶስ ምእማንካ
አረጋግጽ። ንሱ ሽምካ ኣብ
መጽሐፍ ህይወት ክንብሮ እዩ።
"ዝኾነ ይኹን ኣብ መጽሓፍ
ህይወት ተጽሒፉ ዘይተረኽበ
ናብቲ ቓላይ ሓዊ ተደርበየ።"

ራእይ 20:15

43

## የሱስ ጥራሕ መገዲ ናብ እግዚኣብሄር እዩ

"ኣምላኽ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም ዝሃበና እቲ ምስክር እዚ እዩ ... እዛ ህይወት እዚኣ ኣብ ወዱ ኣላ።" 1ዮሃንስ 5:11

"ዓስቢ ሓጢኣትሲ ሞት እዩ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ የሱስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ።" ሮሜ 6:23

"ብወዲ ዚኣምን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣለቶ እቲ ብወዲ ዘይኣምን ግና ቁጥዓ ኣምላኽ ደኣ ኣብኡ ይነብር እምበር ንህይወት ኣይኪርእያን እዩ።" ዮሃንስ 3:36

"የሱስ ከኣ መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ። ብዘይ ብኣይ ሓዶ እኳ ናብ ኣቦ ዚመጽእ የልቦን።" ዮሃንስ 14:6

44

## መንግሥተ ሰማይ ብርግጽ ህልዊ ቦታ እዩ

*ዮሃንስ ኣብ ራእይ 21 ሓድስ ሰማይን ሓድሽ ምድርን ርእዩ።*

"ኣምላኽ ከኣ ንብዘሎ ንብዓት ካብ ኣዒንቶም ኪደርዝ እዩ። እቲ ቐዳማይ



ሐሊፉ እዩ እሞ ድሕሪ ደጊም ሞት ኣይኪኸውንን ድሕሪ ደጊምውን ሓዘን ወይ ጫውጫው ወይ ጻዕሪ ኣይኪኸውንን እዩ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ። እቲ ኣብ ዝፋን እተቀመጠ ኸኣ እንሆ ንኹሉ እሕድሶ እሎኹ በለ።" ራእይ 21:4-5

ብተወሳኺ ዮሃንስ እታ ቅድስቲ ከተማ የሩሳሌም ክትወርድ ከላ ካብ ሰማይ ካብ ኣምላኽ ርእዩ።

"... እታ ኸተማውን ጽሩይ ወርቂ ኾም ጽሩይ መረጽን እያ እትመስል። መሰረታት ቀጽሪ እታ ኸተማ ኸኣ ብኽቡር እምኒ ዘበለ ተሰሊሙ እዩ ..." ራእይ 21:18-19

45

## የሱስ ዝኸደ ንኹሎም ኣመንቱ ቦታ ከዳሉ እዩ

"ልብኹም ኣይሸበር። ብኣምላኽ እመኑ ብኣይውን እመኑ። ኣብ ቤት ኣቦይ ብዙሕ ማሕደር ኣሎ። እቲ እንተ ዘይህሉስ ምበልኩኹም ነይረ። ስፍራ ኽዳልወልኩም እኸይድ ኣሎኹ። ከይደ ስፍራ ምስ ኣዳሎኹልኩም ኣብቲ ኣነ ዘሎኹዎ ንስኻትኩምውን ኣብኡ ምእንቲ ኽትከውኑስ ተመሊሰ ኽመጽእ እየ እሞ ናባይ ከውስደኩም እየ።"

ዮሃንስ 14:1-3

እዚ ግሩም ብስራት ንካልኦት ንገር

የሱስ በሎም "ድማ ናብ ኩሉ ዓለም ኪዱ ንብዘሎ ፍጥረት ከኣ ወንጌል ስበኹሉ።" ማርቆስ 16:15

"ፍረ ጻድቕ ኦም ህይወት እዩ። ጥበበኛ ኸኣ ነፍሳት ይረብሕ።" ምሳሌ 11:30

46

## ተስፋታት እግዚኣብሄር ንደቂ

"... ኣይከሐድገካን ዕሽሽውን ከቶ ኣይክብለካን እየ ..." እብራውያን 13:5

"ኣብ ኩሉ መገድኻ ኪሕልውኻ ንመላእኽቱ ኺእዝዘልካ እዩ።" መዝሙር 91:11

"... ካብ ኢድ ኣቦይ ሓደ እኳ ኺምንዝዔን ዚኽእል የልቦን።" ዮሃንስ 10:29

"... እንሆ ድማ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኩሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ።" ማቴዎስ 28:20



"... ነቲ ዚመጸካ መከራ ኣይትፍርሆ። ክሳዕ ሞት እሙን ኩን ኣነውን ኣኽሊል ህይወት ክህበካ እየ።" ራእይ 2:10

"... ኣብ ጸልማት እንተ ተቐመጥኩውን እግዚኣብሄር ብርሃነይ እዩ።" ሚክያስ 7:8

"ጸውዓኒ እሞ ክመልስልካ ... እየ።" ኤርሚያስ 33:3

47

## የሱስ ክምለስ እዩ

*ነፍስወከፍ ሰብ ክትንስእ እዩ ካብ ሞት።*

"ኣብ መቓብር ዘለው ኩላቶም ድምጹ ዚሰምዑላ ሰዓት ክትመጽእ እያ ሰናይ ዝገበሩ ናብ ትንሳኤ ህይወት እኩይ ዝገበሩ ኸኣ ናብ ትንሳኤ ፍርዲ ኺውጹ እዮም እሞ በዚ ኣይትደነቑ።" ዮሃንስ 5:28,29



*እቶም ብ ክርስቶስ ዝሞቱ ቅድም ኪትንስኡ እዮም።*

"ድሕርዚ ንሕና ብህይወት ጸኒሕና ዘሎና ንምቅባል ጎይታ ኣብ ኣየር ምሳታቶም ሐቢርና ብደበና ኽንለዐል ኢና ከምኡውን ንሓዋሩ ምስ ጎይታ ኽንነብር ኢና።" 1ተሰሎንቄ 4:17

"እቲ ጊዜኡ መእዝ ምኻኑ ኣይትፈልጥዎን ኢኹም እሞ ተጠንቀቑ ንቕሑን ጸልዩን።" ማርቆስ 13:33

48



## የሱስ ብኸመይ ክምለስ እዩ?

"እንሆ ብደበና ይመጽእ ኣሎ ኩለን ኣዒንትን እቶም ዝወግእዎን ከኣ ኪርእይዎ እዮም..." ራእይ 1:7

*ንቕሑ ካብ ሓሶት ክርቶሳትን ሓሶት ነብያትን።*

"... ገለ እንሆ ክርስቶስ ኣብዚ ወይ ኣብቲ እንተ በለኩም ኣይትእመንዎ። ... እንሆ ኣብ በረኻ ኣሎ እንተ በሉኹም ኣይትውጽኡ። እንሆ ኣብ ቤት ኣሎ እንተ በሉኹምውን ኣይትእመኑ።" ማቴዎስ 24:23,26

የሱስ ብቅልጡፍ ብደመና ሰማይ ክምለስዩ።

"በርቂ ኻብ ምብራቕ በረቑ ኽሳዕ ምዕራብ ከም ዚርኤ ምጽኣት ወዲ ሰብ ከኣ ከምኡ ኪኸውን እዩ።... ሽዑ ትእምርቲ ወዲ ስብ ኣብ ሰማይ ኪርኤ ሽዑ ድማ ኹሎም ዓሌታት ኣህዛብ ምድሪ ...ብብዙሕ ሓይልን ግርማን ብደበና ሰማይ ኪመጽእ ከሎ ኺርእይዎ እዮም።" ማቴዎስ 24:27:30

## መዝሙር ናይቲ ሓላው ኣባጊዕ

(መዝሙር 23)

1 እግዚኣብሄር ጓሳይየይ እዩ ዘገድለኒ የብለይን። 2 ኣብ
ለሙዕ ሽኻ የውዕለኒ ናብ ዝዐርፈሉ ማይ ይመርሓኒ።
3 ንሱ ንነፍስይ የህድኣ ምእንቲ ስሙ ኢሉ ብመገዲ ጽድቂ
ይመርሓኒ። 4 በትርኻን ምርኩስካን የጸናንዓኒ እዩ ንስኻ
ምሳይ ኢኻ እም ብርባርባ ድነ ሞት እኳ እንተ ኸድኩ
ክፉእ ኣይፈርህን እየ። 5 ንስኻ ኣብ ቅድሚ ገጽ
ጸላእተይ መኣዲ ትስርዓለይ ንርእሰይ ብዘይቲ ትለኽዮ
ጽዋኤይ ይጅርብብ ኣሎ። 6 ብሓቂ ሳህልን ምሕረትን
ብዅሉ ዕድመይ ኪስዕባኒ እየን ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ክሳ
ንዘልኣለም ክነብር እየ።

If you are interested in receiving additional Scripture booklets, write to the publisher.

**World Missionary Press, Inc.**
**P.O. Box 120**
**New Paris, IN 46553-0120 USA**



ብነጻ ዝዕደል ዚይሸየጥ

8-03 I

2279 Tigrinya